# ንዓና ንኤርትራውያን ካብ'ዚ ዝሓሰመ ግዜ ክመጸና ይኽእል'ዶ?

ርሑቕ ከተማዕዱን ንመጻኢ ክትጥምትን ኣዝዩ ከቢድ ነገር'ዩ። ደቂ-ሰባት ከአ ኣብ ዘለውሉ ግዜ ኳይናም ብዘለዎም ሕሰመ-መከራ ጥራይ ተዓብሊሎም ንርሑቕ ከማዓድዉን ናብ መጻኢ ጠሚቶም ዘላቒ ፍታሕ ከትልሙ/ክህንድሱን ይጽገሙ። “ሽግር መባኣሲ” ከም ዝብሃል ከአ፣ ኣብ ልዕሊ ዓቢ-ቀላይ ብሓደ እናንሳፈፉ መርከብ-ድሕነት ካብ ህቦቡላ(ማዕበል) ከድሕኑ ክንዲ ምቅላስ ሓድሕድ ይዋጠጡ። እሞ ደረት-ትርኢት ደቂሰባት ይኹኑ ናይ ሕብረተሰባት፣ ምስ ኰነታት ራህዋን መከራን፣ ይፈላለ'ዩ ክንብል ንኽእል'ዶ? መርከበኛታት ንመርከብ-ድሕነት ካብ ህቦብላ ቀሊሶም ናብ ምድሪ-ኣማን ኣቢሎም ሰቦምን ማሎምን ከስግሩ ከኣ፦ ብዙሕ ጥበብን ዓቕልን፣ ብዙሕ ጽሮትን ጻዕርን፣ ልዕሊ ኵሉ ከኣ ሰሚርካን ሓቢርካን ምሥራሕ ይህልዎም። ብዘይካ'ዚ ከኣ እቲ ኣብ ኣፍ ባሕሪ ዘጋጠሞም ዕንቅፋታት ኣብ ማእከል ምስ በጽሑ ካዕበት ሽግር ከልዕል ከም ዝኽእል ኣብ ቅድሚ ዓይኒ-ሕልናኦም ኣቐሚጦም ከሎ-ጌና ክዳለውሉ ይግባእ።

ምስ ኵዉንነት ኤርትራ ከነተኣሳስሮ ከሎና ከአ፣ ህልዊ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጣባውን ኵነት ሃገርና ብተማሳሳሊ ኣዝዩ ከቢድ ኣሎ። ሎሚ ገና ንህግደፍ ምግጣም ተሳኢኑና ንሳቐ ኣሎና። ጽባሕ ህግደፍ ጥራይ ዘይኮነስ ምስ ኣህጉራውን ዞና'ውን ሓይልታት ክንገጥም ንጥለብ ንኽውን። ምኽንያቱ ህግደፍ ድሮ ብሃገር ምስ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ክኣትወላ ዓይኑ ከም ዘይሓሰየሉ ዛጊት ኣተንቢሁ'ዩ።

እቲ ፍልልዩ እምብኣር፣ ከምቲ ኣብ ኣፍ-ባሕርን ኣብ ማእከል ዓበይቲ-ማያትን መሲልና ክንርእዮ ዝፈተና፣ ናይ ከበድቲ ከቢድ ብድሆ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣብ ዓይነ-ሕልና ናይ ደለይቲ ፍትሒ ንምቕማጥ ዝኣክል'ዩ። ዕላማና ንመጻኢ ሞትን ጥፍኣትን ንምንባይ ዘይኩነስ፣ ግዜ እንተዘይሰሪሕካሉ ይሰርሓልካ ብምኽኑ፣ ንናይ ሎሚ ዕዮ-ገዛና ኣማሊእና መታን ክንከይድ'ዩ። ናይ ሎሚ ዕዮ-ገዛና ብሓድነት ምብጋስ'ዩ። ሓድነት ዘዐውቶ ከአ ኣብኡ ምስ በጻሕና ኢና ሓቀኛ ዓቕሙ ብኣሃዝ ክንምጥኖ ዝከኣል። በቲ ክርከብ ንትሰፈዎ ዓወት ጎልቢትና ከአ ንካልኦት ዝቀላቐሉ ሽግራት ኣብ ምግጣም ዘይድፈር ሓይሊ ይህልወና። ሻቡ ነቲ ጉልቦትና ርእዮም'ውን ናብ ሃገርና ቀንጠብጠብ ክብሉ ኣይደፍሩን ጥራይ ዘይኩነስ፣ ናይ ደለይቲ ፍትሒ ሻርነት ክሕዙ'ውን ይመጣጠሩ ይኾኑ። ከምቲ ኣበው ዝብልዎ እቲ ጉዳይ፣ “ሽላውን ዘለዎ ኣብ ጅብኡ'የ፣ ከምዓልካ 'ብልዎ እንዳጸውዑ'የ”፣ ስለ ዝኾነ።

ኣብ ታሪኽ፣ ቅሱን እዋን ዘበነ ጣዕሚ ክኸውን ከሎ፣ ሕሱም እዋን ከአ ጀጋኑ መራሕትን ሓብሓብትን ህዝቢ ዝወለድሉ ህሞት'ዩ። እዚ ዘሎናዮ እዋን ከአ ዘበን ሕሰመ-መከራ ኢዩ። እሞ ኣሸበሸብ፣ እቶም ጀጋኑ ድኣ ንምንታይ ሎሚ ህዝቦም ክመርሑን ከድሕኑን ዘይቅልቀሉ እነተተባሂሉ፤ እቲ ሕቶ ተመሊሱ ናባና ናብ ህዝቢ'ዩ

ዝምለስ። ጅግና ንወልድ ህዝቢ፣ ጅግና ነምክን ህዝቢ ብምዃና! ስለዚ ቅድሚ ዝኣገረ’ሞ ከም ህዝብን ከም ተቓለስትን ጉዳይ ሓድነትና ንግበር፣ ስዒቡ እቲ ጅግና ዓደብኡ ካብ ማእከልና ብድድ ክብል’ዩ፤ መን እፈልጥ ከአ እቲ መድሕና ጅግና፣ ንስኻ ኣብ ማዕዶ ዘሎኻ’ውን ትኸውን።

ብቓልስና ክንዕወት ኢና!
ውድቀት ንምልኪ!
ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰዋኣትና!

ርእሲ ዓንቀጽ
ውድብ ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
27 ጥሪ 2020